ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE
erit-alliance.com
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
التحالف الديمقراطي الارتري

# “ኣገዳሲ መጋብኣያ(work-shop)ዋሽንግቶን ዲሲ”



ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን መላእ ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ሲቪካዊ ማሕበረ-ሰባትን ምሁራንን ናይ ሃይማኖት መራሕትን ዘሳተፍዎ ሃገራዊ ሓድነት ክረጋገጸሉ ዝኽኣል መንገድታት ዝናደየሉ፥በዚ ኣቢሉ ከኣ መላእ ደንበ ተቓውሞ ዓቕምታቱ ኣዋዲዱ ንሓድነት ህዝብናን ሉኡላውነት ሃገርናን ንሓደጋ ዘሳጥሕ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግድፍ ዝውገደሉን፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ዝትከለሉ

ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ሃገራዊ ዋዕላ ክጋባእ ኣብ ዕዉት ሓድነታዊ ጉባኤኡ ዳግም ከም ዝጸውዐ ዝፍለጥ እዩ።እዚ መሰረት ብምግባር ከኣ ነቲ ሃገራዊ ዋዕላ ከረጋግጾም ዘለዎም ዕላማታትን ፍጻሜታቶምን ንምንጻር ነቲ ብማእከል ብፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤ.ዲ.ኪ ዝውደብን ዝጽዋዕን መጋብኣያ(work-shop)ዝሕግዙ ንኡሳን መጋብኣያታት ክጋባእ ብዝተወሰነ መሰረት ብ29 ሕዳር 2008 ኣብ ሰሜን ኣመረካ ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ኣገዳሲ መጋብኣያ(work-shop)ተሰላሲሉ።

ኣብዚ ኣባላት ፖለቲካዊ መሪሒነትን ምሁራንን ህዝብን ንዕላማታት ሃገራዊ ዋዕላን መደባቱን ከመይነት ኣወዳድብኡን ኣሰታትፍኡን ወዘተ ኣመልኪቶም ብስነ-ጽሑፍ ይኹን ብቓል ሓሳባቶም ከቕርቡ ዝተዓደምሉ መድረኽ ኮይኑ እዚኦምን ብኽፊሉ ካብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ሕብረተ-ሰብናን መንእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ገዳይም-ነባራት ሙኩራት ተቓለስትን ዝተሳተፍዎ ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ዝተለዋወጥሉ ዉዕዉዕ ሃናጺ ናይ ቃልሲ መጋብኢያ እዩ ዝነበረ።



ኣብዚ መጋብኢያ(work-shop)እዚ ሓሳብ ንሓሳብ ክለዋወጠሎምን ሃናጺ ክትዓት ክካየደሎምን ብቐደም ተኸተል ካብ ዝቐረቡ ዛዕባታት፡

1. ብላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝቐርብ መግለጺ
2. ካብ ኣብ መጋብኢያ(work-shop) ዝተሳተፉ ብጹሑፍ ዝቐርቡ መግለጺታት
3. ካብ ኣብ መጋብኢያ ብኣካል ክሳተፉ ዘይከኣሉ ካብ ርሑቕን ቀረባን ብጹሑፍ ዝተላእኩ መግለጽታት
4. ካብ ኣብ መጋብኢያ ዝተሳተፉ ብቓል ዝቐርቡ መግለጽታት
5. ኣብቶም ብጹሑፍ ይኹን ብቓል ኣብ ዝቐርቡ መግለጽታት ዝቐርቡ ሕቶታትን፡ርእይቶታትን፡መብርሂታትን፡ሓሳብ-ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥ መድረኽን ለበዋታትን

6. ሓፈሻዊ መደምደምታ።

እዚ መሰረት ብምግባር መጋብኢያ(work-shop)ብኣቦ-ወንበር ጨንፈር ሽማግለ ኤ.ዲ.ኪ ዋሽንግቶ ዲሲን ከባቢኣን ብጻይ ግርማይ ገ/እግዚኣብሄር እንዳተመርሐ ንተጋባእቲ መጋብእያ ዕድመና ኣኽቢርኩም እንቛዕ ደሓን መጻእኩም ብምባል ብዝኸረ ሰማእታት ምስ ተኸፍተ ሓጺር መእተውን ዕላማ ናይ መጋብኢያ(work-shop)ዋሽንግቶን ዲሲን ተገለጹ።

ብድሕር'ዚ ብላዕለዋይ ልኡኽ ኤ.ዲ.ኪ ዓሚቕ ጽማቕ መግለጺ ብዛዕባ ካብ ጸረ-ባዕዳዊ መግዛእቲ ክሳብ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝቢ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግድፍ ዘለናዮ ኣተሃላልዋን፣ህልዊኩነታት ናይ ደንበ ተቓውሞን፣ሕቶ ሓድነት ንምርግጋጽ ዝተኻየዱ ቃልስታትን ዝገጠሞም ብድሆታትን፣ሕምረት ናይ'ቲ ጸገምን መፍትሕታቱን፣ምሕዝነት ይኩን ኪዳን ብደረጃ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ምስ'ቲ ኩሉ ዝገጠሞም ዕንቅፋታት ኣብ መስርሕ ቃልሲ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ኮይኑ፣ሕጂ ብሃገራዊ ዋዕላ ክብጻሕ ዘለዎ ራሕቅን ከም ሓፈሻዊ መእተውን መበገሲ መማያየጢ ሓሳባት ዝኸውን ብኣትኩሮ ቀሪቦም።

ብድሕሪ'ዚ ቀጺሎም ካብ ተሳተፍቲ መጋብኢያ ብጽሑፍ ዝተዳለዉን ካብ ኣብ መጋብኢያ ብኣካል ክርከቡ ዘይከኣሉ ብጽሑፍ ዝተላእኩን መግለጽታት ቀሪቦምን ተነቢቦምን።ቀጺሎም ካብ ተሳተፍቲ መጋብኢያ ዓሞቕቲ መግለጽታት ብሰፊሑ ብቓል ቀሪቦም።ኣብዞም መግለጽታት እዚኣቶም እቲ ኣብ ፍጻሜ ክበጽሕ ተኣሚሙ ዘሎ ጉዳይ ሃገራዊ ዋዕላ ጉዳይ ሕቶ ሓድነት ከም ምኳኑ መጠን እዚ ታሪኻዊ ሃገራዊ ዕማም'ዚ ብዓወት ክዛዘም ዕዙዝ ተሳትፎ ናይ ህዝብናን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን እንታይ ክኸውን ከም ዘለዎ ዝአመተ ነበረ።



ኣብዚ ከምተሞኩሮ ገለ ካብቲ ኣብ መስርሕ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንሓድነት ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ንምስማር ህዝብና ዝገበሮም ተጋድሎታት ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ እቲ ብ1976 ብንኡስ ዓቕሚ ጀሚሩ ኣብ ኤርትራ እናስፋሕፈሐን እናተወደበን ንልዕሊ ሓደ ዓመት ዝተኻየደ ጻዕርታት ኣቀራራቢት ሽማግለ ናይ ህዝቢን ካልኦትን ከም ኣብነት ቀሪቡ።እቲ ናይ ህዝቢ ንሓድነት ዝጸንሖን ዘለዎን ባህግታትን ጻዕርታትን ካብ ንጹህ ሕልናን ድልየትን ዝብገስ ይኹን ድኣ'ምበር፡ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታት ካብ ውሽጣዊ ዘይብቕዓት፣ነንሓድሕድካ ዘይምቅብባል፣ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ብሓባር ተሓጋጊዝካ ዘይምቅላስ፣ሜዳ ኤርትራ መን ብልዕልና ተቖጻጸሮ፣ናይ ስልጣን ቁሩቁሳት ንቕድሚት እንዳመጹ ጠንቂ ናይ ኲናት ሕድሕድን ምንዋሕ ብረታዊ ቃልሲ ምንባሮም ትጠቒሱ።ናይ'ዚ ኣሉታዊ ሳዕቤናት እዚ ኣብ ደንበ ተቓውሞ መሊኦም ከም ባህሪ ዘይምውጋዶምን ናይ ምቅብባልን ፍልልያት ናይ ምጽውዋርን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ናይ ምእላይ ተሞኩሮ ኣብ ዘይጎልበተሉ፣ሕብረ-ውድባዊ(ሰልፋዊ)መስርሕ ቃልሲ ከም ተሞክሮ ገና ኣብ ጅማሮ ኣብ ዘለወሉ፣እዚ ከኣ ንጉዕዞ ሕቶ ሕድነትን ሕቶ ፖለቲካዊ ዲሞክራስን ብቐጥታ ዝትንክፍን ዘተዓናቕፍን ምኻኑ ኣብ ግንዛቤ ከእቱ ዘዘኻኽር መጋብእያ(ዎርክ-ሾፕ)ነይሩ።

ኣብ ምሕዝነት ይኹን ኣብ ኪዳን ኣብ መንጎ'ቲ ናይ ሓባር ቻርተርን (ዝተሓተ መደብ ዕዮ)ነናይ ውድባት ፖለቲካዊ ፕሮግራማትን ከመይነት ናይ ትግባረታትምን ኣብ ህዝቢ ከምቲ ዝግባእ ብልክዕ ዘይሰረጹ(ዘይተታሕዙ) ምኻኖም እውን ተገሊጹ።እዚኣቶምን ካልኦትን ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጽ ገለ

ካብቶም ንቕድሚት ንምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ክረጋገጹ ዘለዎም ዕላማታትን ፍጻሜታትምን ንምንጻር ይሕግዙ እዮም ተባሂሎም ብጽሑፍን ብቓልን ካብ ዝቐረቡ ጽማቕ ሓሳባት ተመሳሰልቲ ዝኾኑን ዝተፈላለዩን ብመልክዕ ርእይቶታትን ለበዋታትን ቀሪቦም።

1. ሃገራዊ ዋዕላ ከረጋግጾም ዘለዎ ዕላማታት ኣብ ክሊ ሓደ ሃገራዊ ቻርተር (National charter)

- ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ዝሕሉ
- ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖታውን ባህላውን ብሄራውን መሰላት ዘረጋግጽ
- ሃገራዊ ሉዑላውነት ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ዘዑቁብን ብኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዝተኣመነሉ ዶባትን ዘረጋግጽ
- ብሕገ-መንግስቲ ዝግዛእ ህላዌ ሕብረ-ሰልፋዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ዘረጋግጽ ቅዋማዊ ዲሞክራስያዊ ትካላዊ ኣሰራርሓታት ዝተኸተለ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል ዘረጋግጽ መስርሕ ቃልሲ ዘጎልብት መደረኽ ክኾውን
- ኣብ ኤርትራ ሕቶ መሬት ከም ሓደ ውዕውዕ ሕቶ መጠን ብዘይ ሕጋውን ፍትሓዊን መንገዲ መሬቶምን ንብረቶምን ዝተመዝየም ዜጋታት ብሕጋዊ መንገዲ ዝምለሰሉ መስርሕ ዘረጋግጽ ክኸውን
- ኣብ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ሕቶ ደቂ ኣንስትዮን ግድኣንን መሰላተንን፣ግደ መንእሰያትን ልዑል ክኸውንን ተሳትፎኦም ብዘዕዝዝ መንገዲ ክረጋግጽ

2. ንኣገባብ ቃልሲ ጸረ ህዝቢ ዲክታትርያዊ ስርዓት ህግድፍ ኣመልኪቶም ዝቐረቡ ዝተፈላልዩ ግንዛቤታት ሜላ ናይ ቃልሲ

- ኩሉ ዝከኣል ኣገባብ ቃልሲ(ዕጥቃዊ ዘጠቓለለ)
- ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ

3. ቅድሚ ውድቀት ስርዓት ህግድፍ ንኤርትራ ወኪሉ ዝቐርብ ተደላይነት ህላወ ጊዝያዊ መንግስቲ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ዝርእን ዘይርእን ዝተፈላለየ ግንዛቤታት

- ብድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግድፍ ዝካየድ ሃገራዊ ዋዕላ ሰፊሕ ተሳትፎ ናይ ተቓለስቲ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ህዝብን ዘረጋግጽ ክኸውን
- ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግድፍ ዝህሉ ጊዝያዊ መሰጋገር መንግስቲ ካብ ዓመት ወይ ክልተ ዓመት ዘይሓልፍ ኮይኑ ሕቶ ፖለቲካዊ ስልጣን ናብ ህዝቢ ዝርከበሉ መርሆ ብዝሕዝ ክቕረጽ

4. ጉዳይ ስደተኛታት ሕጅን ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግድፍን ልዑል ትኹረት ብምሃብ ሽግራቶምን ጸገማቶምን ዝቃለለሉን ፍታሕ ዝርከበሉን መርሆ ዘረጋግጽ ክኸውን

5. ምስ ጎረባብቲ ሃገራትትን ዞባውን ዓለም ለኻውን ዝደልደለ ሙዕቡል ዝምድናታት ንምህናጽ ዝእምትን ዘረጋግጽን ክኸውን

6. እቲ ብመንገዲ ሰፊሕ ዋዕላ ዝቐውም ጽላል ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ልዑል ተቐባልነት ናይ ህዝቢ ንምርግጋጽ ዝሕግዝዎ

- ኣባላት ፖለቲካዊ መሪሕነትን፡ሲቪካዊ ማሕበረ ሰባትን፡ሓርበኛታትን፡ናይ ሃይማኖት መራሕትን፡ሙሁራንን ዘካተተ ኣብ ህዝቢ ሰፊሕ ወፍሪ(ጎስጓስ)ዘካይድ ኣካል ተመዚዙ ክንቀሳቐስ ዝግበረሉ ኣገባባት እንተ ዝርአ
- ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከም ጥርኑፍ ሐይሊ መጠን ከም ቀንዲ ኣንቀሳቓሲ ሞተር ሃገራዊ ዋዕላ ናይ ምውዳብ ሓላፍነት ዝህልዎ ኣካል ኮይኑ ነዚ ሃገራዊ ዕማም'ዚ ንምዕዋት ካብ ኪዳንን ህዝብን ሓደ ኮምሽን ኣቑሙ ንምዕዋቱ እንተ ዝንቀሳቐስ

7. ኣብዚ ንኽግበር ዝሕሰብ ዘሎ ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ጸረ ህዝቢ ስርዓት ህግድፍ ንኽሳተፍ ዝርእን ዘይርእን ዝተፈላለዩ ግንዛቤታት

8. ምስ ጭቡጥ ተነካኢ ህልዊ ኩነታት ናይ ሃገርናን ህዝብናን ንሓደጋ ተሳጢሖምሉ ኣብ ዘለውሉ እዋን ጉዳይ ምርግጋጽ ሃገራዊ ዋዕላ ከም ህጹጽ እዋናዊ ዕማም ትታሓዙ ኣብ ክሊ ሹዱሽተ ወርሒ ኣብ ፍጻሜ

ክበጽሕ ልዑል ጻዕርታት ንኽግበር ዝብሉ ርእይቶታትን ለበዋታትን ነበሩ።

- ነዚ መጋብእያ (work-shop)ዋሽንግቶን ዲሲ ህዝብን ሃገርን ዘድሕን፣ ውድቀት ጸረ ህዝቢ ስርዓት ህግድፍ ዘቃላጥፍ፣ንዝሕሰብ ዘሎ ሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ ዘጎልብት ጠለባትን ለበዋታትን ኣሕሊፉ ብዓወት ንኽወጽእ ቡዙሓት ኤርትራውያን ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ኣመሪካ ተሌፎን ብምድዋል ኣተባቢያምናን ሰናይ ምንዮቶም ገሊጾምልናን እዮም፡ሓደ ካብኣታቶም ሓገዝ ንመጋብእያና $300.00 ኣወፊዩልና።የቐንየልና ክቡራት ኣሕዋት ኤርትራውያን።

- ኣብ መወዳእታ እቲ ብኣቦ ወንበር ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት ተጋዳላይ ተወልደ ገብረስላሴን ተጋዳላይ ኑር መሓመድ እድሪስ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ቤት ጽሕፈት ኣባል ሽማግለን ዝመርሕዎ ውዕሎ መጋብእያ ዋሽንግቶን ዲሲ ብዓወት ተዛዚሙ ናብ ፍጻሜ በጽሐ።

- ሰላምን ሓርነትን ንህዝብና!

- ስኒትን ዓወትን ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን!

- ዓወት ንሰፊሕ ሃገራዊ ዋዕላ!

- ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግድፍ!

- ክብርን ሞጎስን ንስዉኣትና!

- ክንዕወት ኢና!

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

ጨንፈር ዋሽንግቶን ዲሲን ከባቢኣን

29 ሕዳር 2008




EXIT
McGill







**ሰላም ንኹሉ ደላይ ፍትሒ!**